ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ጉሎመኽዳ ን2016 በጀት ዓመት ኣብ ወረድኡ ንዝርከብ ቤት ፅሕፈታት ግልጋሎት ዝውዕል ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ኣቑሑ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ(ክገዝእ) ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጥሪ 14, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 28, 2016 4:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:ጉሎመኸዳ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:150
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 28, 2016 5:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

በዚ መሰረት ኣብዚ ጨረታ ንኽትጫረቱ(ንኽትወዳደሩ) እትደልዩ ተጫረቲ በዚ ምልክታ ይዕድም፡-

ተጫረቲ ክተማልእዎ ዝግባእ ረቓሒታት ከም ዝስዕብ ይኸውን

1. ናይ ተጫረቲ ሽም ፊርማ ኣድራሻ ማህተም ኣብቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ክገብሩ ኣለዎም

2. ንናይ ፅሕፈት መሳርሒ ኣቑሑ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑን ናይ 2016ዓ/ም ናይቲ ዓውደ ስራሕ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን ናይ መቕረብቲ ምዝገባ መለለዪ ካርዲን፣ናይ ግብሪ ከፋሊ መፍለዪ ቁፅሪ(T) ተወሳኺ እሴት ታክስ(VAT) ዝተመዝገብሉ ናይ ምዝገባ ምስክር ወረቐት፣ ተወሳኺ እሴት ታክስ(VAT) ዝተመዝገብሉ ናይ ወርሒ ጥቅምቲ ክሳብ ታሕሳስ 2016ዓ/ም ዲክሌር ዝገበርሉ ዝተገናዘበ መረዳእታ ኮፒ ብምቐራብ ክትወዳደሩ ከም እትኽእሉ።

3. በዚ መሰረት ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ምልክታ ካብ ዝወፅኡሉ(ዝተቓለሐሉ) ዕለት ጀሚሩ ብር=150(ሓደ ሚኢትን ሓምሳ ብር) ብምኽፋል ምውሳድ እትኽእሉ ምኻንኩም።

4. ናይ ጨረታ መኽበሪ ብጥረ ገንዘብ(Cash)፡ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ(CPO) ወይ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ውሕስና ባንኪ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሌተርኦፍ ክሬዲትን ምትሓዝ ዝከኣል ኮይኑ በዚ መሰረት ፅሕፈት መሳርሒ ኣቑሑ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑ 5,000 (ሓሙሽተ ሽሕ ብር) ብሽም ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ጉሎመኽዳ ከትሕዙ ዝኽእሉ ክኾኑ ኣለዎም።

5. ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ኣታዊ ዝግበረሉ ቦታ ኣብ ወረዳ ጉሎመኽዳ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ምኻኑ ክትፈልጡ ይግባእ። በዚ መሰረት ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 28/05/2016 ዓ/ም ሰዓት 4፡30 ቅድሚ ሰዓት ኮይኑ ጨረታ ዝኽፈተሉ ድማ ኣብ ቅድሚ ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪላት ኣብ ዝተረኽብሉ በቲ ዕለት 28/05/2016 ዓ/ም ሰዓት 5፡00 ቅድሚ ሰዓት ኣብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ይኽፈት።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle